ኩባንያና መስፍን ብረታ ብረት ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ንትካልና ሰራሕተኛ ሰርቪስ ግልጋሎት ዝውዕላ 60 ሰብ ዝሕዛ ክልተ /02/ ናይ ኣውቶብስ ክራይ ንሰለስተ ወርሒ ብቕሉዕ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 22, 2018 (ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 4, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 4, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና ክራይ/

ምልክታ ጨረታ

ኩባንያና መስፍን ብረታ ብረት ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ንትካልና ሰራሕተኛ ሰርቪስ ግልጋሎት ዝውዕላ 60 ሰብ ዝሕዛ ክልተ /02/ ናይ ኣውቶብስ ክራይ ንሰለስተ ወርሒ ብቕሉዕ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ በዚ ዘርፊ ስራሕ ፍቓድ ዘለኩም ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዓቀኒታት እተማልኡ ሕጋዊ ነጋዶ አብዚ ጨረታ ንክትሳተፉ ንዕድም።

ናይ ጨረታ ረቓሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2017 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቅርብ ዝኸእል ክኾውን ኣሎዎ።

2. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቓድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ወረቀትን ተጨማሪ እሴት ታክስ ሰነዳትን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምትሕሓዝ ናይ ሓደ ደርሶ መልስ ዋጋ ብምንፃር ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋጋኡም ካብ ዕለት 21/05/2018 ዓ.ም ክሳብ 04/06/2018 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት እናቐረቡ ነዚ ጨረታ ናብ ዝተዳለወ ሳንድቕ ከእትዉ ይግባእ።

3. ዝጓዓዕዝሉ ቦታ መቐለ ከባቢ ካብ መስፍን ብረታ ብረት እና ኢንጅነሪንግ ሃ/ዝተ/ው/ማ ናብ መስመር ከባቢ ዓዲሓን ደብረዳሞ ላጪን ክሳብ 70 ካሬ ጉና ከባቢን ሰርቪስ ትካልና ዝንቀሳቀሰሉ ከባቢታት ኣብ ዝተመደቦ ኣብ ሓደ መዓልቲ 2ተ (ክልተ) ጊዜ ምልልስ ማለት (መእተውን መውጽእን)

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብሲፒኦ (CPO) ብር 30,000.00(ሰላሳ ሽሕ ብር) ምስ ጨረታ ዶክመንት አተሓሒዞም ከእትዉ ይግባእ።

5. ጨረታ ዕለት 04/06/2018 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ድሌት ዘለዎም ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት። ናይ ጨረታ ዶክመንት እንተተማሊኡ ተጫረቲ ኣብ መኽፈቲ እንተለዘይተረኽቡ እውን እቲ ጨረታ ዝኸፈት ይኸዉን።

6. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይካኣልን። ጨረታ ዶክመንት ንሕድሕድ ገፅ ማህተምን ፊርማን ናይ ተጫራታይ ክዓርፎ ኣለዎ። ኣብ ጨረታ ሳንዱቕ ዝኣተወ ፖስታ ብምለሱለይ ብምንም መልክዑ ክምልስ ኣይከኣልን።

7. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ኣብ ዋጋ መቕረቢ ሰነድ ኩነታት ቫት ብግልፂ ዝሓወሰ ወይ ዘይሓወሰ ምኟኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ተጫረቲ እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ (Price Validity) ብግልፂ ከቕምጡ ይግባእ።

9. ተጫረቲ ኣብ ቕድመ ኩነታት ዝተመስረተ ዋጋ እንተመሊኦም ዘቕረብዎ ዋጋ ተቕባልነት የብሉን፤ ናይ ተጫረቲ ድምርን ካልኦት ጌጋታት እንተሃልዩ ተጫራታይ ሓላፍነት ይወስድ። ትካልና ናይ ተጫረታይ ስልሒት ጌጋታት ናይ ምእራም ሓላፍነት የብሉን።

10. ተጫረቲ ዘእትውዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ፣ ናይ ስልሒትን ድምርን ጌጋ እንተሃልዩ ናብ ውድድር ኣይቕርብን።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዓሮም ምስ ተነገሮም ኣብ ዉሽጢ 3ተ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩ ይግባእ፣ እንተዘይኮይኑ ግና ንመክበሪ ጨረታ ዘትሐዝዎ ሲፒኦ(CPO) ካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ

መማረፂ ይወስድ።

12. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ናብ ዋና ቢሮና ብኣካል ብምምፃእ ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ ወይም ብስ.ቁ +251 0914708567 ክድዉሉ ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle